# ሰንበት ዘዮሓንስ 2018 ዓ.ም.

መዝሙር፡

ዮሓንስ ኣጎድዐ (ዮውሃንስ መስከረ)...ዮሓንስ ዓው ኢሉ ነቶም ብጾቱ ከምዚ እናበለ መስከረ ካብ ላዕሊ ቃል ኣቦ ወረደ እሞ በቲ ግርማ መለኮት ማይ ዮርዳኖስን ተናወጸ፥ ኩሎም ሓይሊ ሰማያትን ምድርን ሰንበዱ፥ ኣብ ቢታንያ ኣብ ቤት ራባ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዮውሓንስ ንኢየሱስ ምስ ረአዮ እንሆ የዋኀ በግዕ እግዚኣብሔር እናበለ ዓው ኢሉ ተዛረበ፥ ኢየሱስ ንዮሓንስ ማይ መታን ክቕደስ ብማይ ኣጥመቕኒ በሎ፥ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ብምልክት ሰማይ ገሩ ዮሓንስ ንኢየሱስ ኣጠመቖ ድሕሪኡ ንሱ ተጠሚቑ፥ ንህዝቢ ሰንበት ኣኽብሩ ጽድቂ ግበሩ እናበለ ኣምሂርዎም"።

ንባብት፡

1ቆሮ 11፡17-23፥ ያዕ 2፡1-14፥ ግ.ሓ. 18፡24-28፥ ዮሓ 1፡19-37።

ምስባክ፡

ሣህል ወርትዕ ተራከባ፥ ጽድቅ ወሰላም ተሰዓማ፥ ርትዕሰ እምድር ሠረጸት። ምሕረትን ሓቅን ተራኸባ፥ ሓቅን ሰላምን ተሰዓዓማ፥ ሓቂ ካብ ምድሪ ኽትበቝል እያ" መዝ. 85፡10-11።

ቅዱስ ዮውሓንስ ፊተውራሪ ኮይኑ ንምጽኣት ኢየሱስ መስኪሩ። ምስጢር ወዲ ኣምላኽ ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ እዩ ኣስተማቒሩ። ኢየሱስ ኣብ ገዛ ዘካርያስ ምስ ማርያም ምስ መጽአ ወንጌል ዮውሓንስ ብተሓጓስ ተሰራሰረ ይብልና። ዮውሓስን ልቡ ሓጎስ መሊእዎ ቀስ ኢሉ ክዛረብ ይኽእል ኣይነበረን ይጭድር ዓው ኢሉ ይምስክር እንሆ የዋህ በግዕ እናበለ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ የሳግርን የብጽሕን ነሩ። ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ንርእሱ ኢሚንት ቆጺሩ ኣነ ክንእስ ንሱ ክዓቢ እዩ ዝግባእ እናበለ መስኪሩ። ዮውሓንስ ንኹልና ኣብነትና እዩ። ምስጢር ክርስቶስ ተቐቢልና ክንሕጎስ እሞ ሓጎስና ምስ ካልኦት ክንካፈሎ። ሓጎስ ዝመልአ መንፈስ ኣይዕገትን እዩ።

ምጅማር ሓዲስ ዓመት ምጅማር ጽኑዕ እምነት እዩ።

ኣብ ምጅማር ዓመት ኢና ዘሎና፥ ኣብ ባህልና ሓዲስ ዓመት ክንጅምር ከሎና ብዙሕ ትርጉም ዘልኦ ነገራት ይግበር። ኣብ ዋዜማ ቅዱስ ዮውሓንስ መንእሰያት ሸግ (ቆልቋል) ወሊዖም ሆየ ሆየ እናበሉ ዓዲ ይዞሩ፥ ኩሉ ብሓደ ከምዘብዕል ከመልክቱ ሆየ ዘይበለ ካባና ይፈለ፥ ሆየ ዝበልና ንዓመታ የድግመና፥ ኣጃኹም ቆልዑት ባልደንጓ ጨልቂዑ እናበሉ ሓውሲ ጸሎትን መዝሙርን እናገበሩ ዑደት ይዞሩ። ኣዋልድ ብወገነን "ንጻወት እንዶ ንተሓወስየ ዘመን ክምለስ እናበላ ሕብረት እንተሎ ሰላም ኣሎ ስለዚ ንኹሉ ጌጋታት ሓዲግና ክንሓብር ክንፋቐር ብሓደ ክንከውን ከምዘሎና ንርኢ። ዓመት ንዓመት የድግመና እናተባህለ ሓዊ ይሳገሩ ቍራዕ ሓምሊ ውጻእ ገዐት ጠስሚ እቶ ዓኾኻይ ዓኾኻይ እናበሉ ሰለስተ ጊዜ ንሓዊ ብአፍደገ ኮይኑ ሓደ ካብቶም መንእሰያት ወይ ኣቦ የእትዎ። ክረምቲ ጊዜ ጸልማት ጊዜ ጥመት እዩ ካብ ዮሓንስ ጀሚሩ ግን ኩሉ ይቕየር

እዚ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት እውን የመልክት እዩ ንኣረጊት ጉድለትና ቀይርና ሓዲስ መንፈስ ክርስቶስ ክንለብስ የዘኻኽረና።

መንእሰያት ንዓዲ ሆየ ሆየ ኢሎም ምስ ዞሩ ኣብ ቤተ ክርስትያን መጺኦም ሰለስተ ጊዜ ይዞሩ እሞ ምህልላ ተገሩ ኣብ ባይቶ ዓዲ ዝግበረሉ ይመጽኡ እሞ “ክብ እንተ በልና ንዝጊ ለጥ እንተበልና ንሕጊ” ኢሎም ሆይኦም የቐምጡ እዚ ኸአ ምእዝዝነት ንሕጊ ኣምላኽን ንሕጊ ሃገርን እዩ ዘመልክት። ብሕጊ ብስርዓት ዝኸይድ ጥራሕ እዩ ሰላም ዝርክብ ስለዚ ኣብዚ ሓዲስ ዓመት ንሕጊ ኣምላኽን ሕጊ ሃገርን ክነኽብር ከምዝግብኣና ፈሊጥና መሰል ሰባት እናሓሎና ክነብር መብጽዓና እንሕድሰሉ እዋን እዩ።

እዚ ቅዱስ ብሃሊ ዓድና ምስ እምነትና ዝኸይድ ምስጢር ዝሓዘ ስለ ዝኾነ ክነስተውዕለሉ ክንርድኦ ይግባእ። ብዙሓት መንእሰያትና ሎሚ ናይ ባዕዲ ባህልን ልምድን እንተ ኣእተዉ ዝሰልጠኑ ዝመስሎም ኣለዉ። ኣብ ኣከያይዳና ኣብ ኣዘራርባ ኣብ ኩሉ ምስ ሰባት ዘሎና ርክብ ባህልና ስሩዕ ኣገባብ ኣለዎ። ኣብ መዓልቲ ቅዱስ ዮውሓንስ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ጻዕዳ ክዳን ደቂ ኣንስትዮ እውን ጻዕዳ ጀለብያ እየን ዝገብራ ብሓቂ ናይ ትንሣኤ ናይ ምንጽሕ ምልክት እዩ። ኣብ ሓዲስ ዓመት ካብቲ ኣረጊት ድኽመትናን ኃጢኣትናን ተንሢእና ብሓዲስ መንፈስ ክንጅምር ዘዘኻኽረና እዩ። ናይ ካልኦት ባህሊ ተለቂሕካ ንናትካ ምንኣስ ዓገብ እዩ ክርስትያናዊ ሰረት ዘልኦ ባህሊ እዩ ዘሎና። ኣብ ባህልና ንዓቢ ንወለዲ ንካህን ንብዓል ስልጣን ምኽባር ከምኡ ንጽጉም ምሕጋዝ ንዝሓዘነ ምጽንናዕ ኣብ ኩሉ ናይ ኣሕዋት ነገር ምስታፍ ቅዱስ ባህሊ እዩ። ሰብ ኣየድልየንን ባዕለይ እኣክል እየ ምባል ኣብ ጽላለ እዩ ዘብጽሕ ስለዚ ልቦና ኣዕቢና ነስተውዕል።

ኣብ ወንጌል ዮውሓንስ ከም እነንብቦ ኢየሱስ ኣብቲ ምስ ኒቆዲሞስ ዝገበሮ ዕላል ከም ብሓድስ ክትውለዱ ኣሎኩም ይብለና (ዮሓ 3)። ሓዲስ ዓመት ብጠባይና ሕይወትና ኩሉ ቀይርና ክንርከብ እዩ ዝደልየና። ብኹሉ ክንቅየር ኣሎና። ቅዱስ ጳውሎስ ንኣረጊት ጠባያትኩ ሓዲግኩም ንክርስቶስ ልበስዎ ይብለና (ቆላ 3፡8)። ኣብ ውሽጢ ልብና ኣቲና ክንሕደስ ክንቅየር ፍቓደኛታት ንኹን። ነፍስና ፈቲሽና ዘሎና ጉድለት ተኣሚና ክንሕደስ እሞ ብሓዲስ መንፈስ ዓመትና ክንጅምሮ። ቅ. ዮሓንስ ተንሰሑ ንኣምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት ሓዙ እናበለ ይሰብከና ኣሎ። ዓለም ከቢዱና የማን ጸጋም ኢልና እንተ ኾና ሎሚ ክንምለስ እሞ ኣብ ሓቀኛ መስመር ክንምለስ እዋኑ እዩ። ሓዲስ ዓመትና ብጽቡቅ ክንጅምሮ እምብኣር ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ የድሊ፥ ሓቂ ሒዝና ኣብ መገዲ ኣምላኽ ተመሊስና ክንሕደስ ክንቅየር ኣሎና።

## ንሰባት ምስ ኢየሱስ ከም ዝራኸቡ ምግባር።

ኣብ ዝተነበ ወንጌል ዮውሓንስ ንኽልተ ካብ ኣርድእቱ ምስ ኢየሱስ ኣራኺብዎም በዚ ኸአ ኣብ ሓዲስ መጻኢ ሕይወቶም ኣእትይዎም። እቶም ክልተ ኣርድእቲ ንኢየሱስ ክኽተሉን ምስኡ ክኾኑን ጀሚሮም። ዮውሓንስ ካብኡ ናብ ኢየሱስ ከምዝሰግሩ ገሩ እዚ እዩ ነሩ ተራኡ። ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ምብጻሕ። እንድርያስ ሓደ ካብቶም ክልተ ኣርድእቲ እዩ ነሩ። ንመምህሩ ዮውሓንስ ሓዲጉ ኣብ እግሪ ሓዲስ መምህሩ ተኸቲሉ። ንሱ ዮውሓንስ ኣብ ሓቀኛ መገዲ ክመርሖ ኣድልይዎ እዩ። ነቲ ሓዲስ ሕይወት ክጅምሮ ሓገዝ ዮውሓንስ ኣድላዪ እዩ ነሩ። ነቲ ዮውሓንስ ንእንድርያስ ዝገበሮ እንድርያስ ከኣ ንሓዉ ስምኦን ገርሉ። ነቲ ንሱ ዝረኸቦ ምስ ሓዉ ተዛሪብሉ ንኢየሱስ ከምዝረከቦ ነጊርዎ ንዓ እሞ ርአ ኢሉ ኣብ ኢየሱስ ኣብጺሕዎ።

ኣብ ማቴዎስ ማርቆስ ሉቃስ እንድርያስ ከም ሓዊ ጴጥሮስ ምኻኑ እዩ ዝፍለጥ፥ ኣብ ወንጌል ዮውሓንስ ግን ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ብምብጻሕ እዩ ዝፍለጥ። ነቶም ሓምሽተ ሽሕ ህዝቢ ቅድሚ ምምጋቡ እንድርያስ ሓደ ቆልዓ ሓምሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ዝሓዘ ከምዘሎ ዝሓበረ ንሱ እዩ።

ገለ ግሪኻውያን ንኢየሱስ ክርእዩ ምስ ደለዩ ንፍሊጶስ ሓቲቶሞ ፍሊጶስ ከአ ንእንድርያስ ነጊርዎ ሽው አብ ኢየሱስ አብጺሖሞም። ተልእኮ እንድርያስ ንሰባት አብ አምላኽ ምብጻሕ እዩ።

ሎሚ ነፍስወከፍና አብዚ ተልእኮ ክንጽመድ ድላይ አምላኽ እዩ። ንብዙሓት አብ አምላኽ ከምዝመጹ ምግባር ንብዙሓት ንአምላኽ አብ ሕይወቶም ከም ዝዝክሩ ምግባር። አብዚ ሓዲስ ዓመት ሓዲስ ሓላፍነት ክንለብስ ይግብአና። ካህን አብ ሓላፍነት ዘለዉ ጥራሕ ክገብርዎ ከይተጸበና አብ አምላክ ከምዝቕርቡ ክንገብር ናይ ነፍሲ ወከፍና ተልእኮ እዩ። ንሰባት አብ ኢየሱስ ከምዝቕርቡ ክንገብር ሎሚ ንውፈረሉ።

አብ ሕይወትና ቁልሕ ኢልና እንተ ረኤና ሰባት እዮም አብ እምነትና አብጺሖምና ወለድና ደቂ ዓድና ካህና አዕሩኽትና አብ ኢየሱስ ከም እንቕርብ ገሮምና። ካባና ናብ ኢየሱስ ንበይኑ ዝቐርብ የለን። ንኢየሱስ ክትረክብ ኩሉ ጊዜ ናይ ካልኦት መንጎኝነት የድሊ። ቅድሚ ንኢየሱስ ምርካብና ናይ ብዙሓት ሰባት ስም ክንዝርዝር ንኽእል ኢና። ኩልና ካብ ስድራና ብዝረኸብናዮ ኢና አብ ኢየሱስ በጺሕና። ታርኽ ክርስትና ታሪኽ ሰንሰለት አብ ክርስቶስ ዘልኦም ተመክሮ እዩ ማለት ሰባት ንኽምኦም ዝበሉ አብ ኢየሱስ ናይ ዘብጽሕዎ ታሪኽ እዩ። ታሪኽ ዘይብሉ ክርስትና ክርስትና አይኮነን ከምኡ ተተሓሒዙ ዘይከይድ ታሪኽ እምነት ብዙሕ ይጎድሎ እዩ። ነዚ ክንገብር ዓበይቲ ምስዮናውያን ክንከውን አየድልን እዩ። ንኢየሱስ ክንፈልጥ እንተ ኸኣልና ብሱቕና እውን ንብዙሓት አብ ኢየሱስ ክነብጽሖም ንኽእል ኢና። ብኸምዚ አገባብ ዝኸይድ ክርስትያናዊ እምነት አየቋርጽን እዩ እናዓበየን እናቐጸልን እዩ ዝኸይድ።

ሎሚ እምነትና ዛሕልን ጥልመትን በዚሕዎ ዳርጋ አሕሚምናዮ አሎና እንተ በልና ምግናን አይኮነን። ጊዜ ዘምጽኦ ዋዕዋዕታ ዝበዝሖ ንብዙሓት ብፍላይ ንመንእሰያት ስሒቡ አብ ጌጋ ዘውድቕ ዘሎ ነገራት ንርእዮ አሎና። ንሓቂ ሓዲግካ ብጓል መገዲ ንሓቂ ክትረክብ ምድላይ ዘይክአል እዩ። ሓቂ ሓንቲ እያ ንሳ ኸአ ናይ ክርስቶስ ብቤተ ክርስትያኑ ዝመጽአትና እያ። ካብ ቤተ ክርስትያን ክርስቶስ ወጺእና ንሓቂ ክንሕዛ አይንኽእልን ኢና። ንሓቂ ብማዕዶ ንርእያ ከይንህሉ ሎሚ ንበራበር። ክልተ ሓቂ ክህሉ አይክእልን እዩ። እምነትና ሓቂ እንተ ዘይህልዎ ንኽልተ ስሽሕ ዓመት ክጸንሕ አይምኽአለን ሓቂ ዝጎደሎ ክፈናጨልን ክሓቅቕን ክጠፍእን አብ ታሪኽ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። እሞ ሎሚ ደፊርና ንሓቂ ንሓዛ። ነታ ክርስቶስ ዝሃበና ሓቂ ቤተ ክርስትያን ዘመሓለለፈቶ ሓቂ ክንቅበሎ ግድን እዩ።

በዚ ሓዲስ ዓመት እምብአር ንእምነትና ክነብሮ እምበር ብማዕዶ ከይንነብሮ መብጽዓ ክንአቱ አሎና። እምነትና አብ ውሽጥና ጥራሕ ሒዝናዮ እንነብር አይኮነን ንዘይፈልጡ ክነፍልጥ ደኺሞም አይ ዝሑላት አይ ውዑያት ንዘለዉ ኸአ ክነበራብሮም ሎሚ እዋኑ እዩ። ሓወይ ሓፍተይ ናይ ሓዲሽ ዓመት መብራህትኻ ወሊዕካዶ/ወሊዕክዶ ኢልና ክንሓትት አሎና።

እንቋዕ አብ ሓዲስ ዓመት አብጽሓን ክንብል እንከሎና እንቋሕ አብ ምሕዳስ ሕወትና አብጽሓና እንቋዕ ንአምላኽ ብዝያዳ ክንዝክር አብጽሓን ክንብል ኢልና ኢና እንብሎ። ሓዲስ ዓመት ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ብዝያዳ ክትተግሃሉ መብጽዓ እትአትወሉ ጊዜ እዩ። እምነት ትኽስታ ክበዝሖ እንከሎ ወይ የርክበሉ እንተ በልና ክመውት ቀሊል እዩ። መይቱ ዘይተቐብረ እምነት አብ ብዙሓት ይርአ አሎ። አብ ምስጢራት ክርስቶስ ዘይምስታፍ አብ ጸሎት አብ ዝኾነ ናይ ቤተ ክርስትያን ጉዳይ ዘይምስታፍ ንርእስኻ ብመንፈስ ምቕታል እዩ። ብዙሓት ቀተልቲ ነፍሶም አለዉ። ንዓለም ብሃብቲ ንጽልኢ ንቂምታ አብ ልቦም ሒዞም ንአምላኽ ቦትኡ ብኻልእ ተኪኦም ዝኸዱ እዚኦም እዮም ብደዎም ምዉታት ዝብሃሉ እሞ ሎሚ ትንሣኤ ክንእውጅ ነሕዋትና ብርሃን

ክርስቶስ ክንውልዓሎም እዋኑ እዩ እሞ ብሕልናና ንኢየሱስ ክንልአኽ ከምኡ ንሰባት አባኻ ክነብጽሕ ሓግዘና ንበሎ።

ቅዱስ ዮውሓንስ መምህርና አብ ኢየሱስ አብጽሓን ንሕና ኸአ ንኻልኦት አብ ኢየሱስ ክነብጽሕ ኢልና ንለምኖ። መገዲ ጠፊኡና አሎ እሞ ሓባሪ የድልየና አሎ። አብዚ ሓዲስ ዓመትና መገዲ አምላኽ ረኺብና በቲ ሓቀኛ ጎደና ድሕነት ክንምርሽ ሓግዘና ንበሎ።

ማርያም ንመገዲ አምላኽ ልዕሊ ኹሉ ዝፈለጠት እያ። ንዕድመ አምላኽ ሕራይ ክትብል እንከላ ስለ ዝአመነቶን ስለ ዝተቐበለቶን እዩ እዮም ሎሚ እውን ምስአ ኮና ንመገዲ አምላኽ ክትሕብረና ንለምና። ንሳ ንኢየሱስ አብ ቤት ዘከርያስ አብ ቃና ዘገሊላ አብ ብዙሕ ቦታታ አምጺአቶ እያ እሞ ሎሚ አብ ልብና አብ ሕይወትና አብ ኩሉ ንወዳ ክተምጽአልና ነዛ እንጅምራ ዘሎና ዓመት ብሰላም ብፍቕሪ አጀሚራ ክተፈጽመና ተለመንልና ንበላ።

በዚ አጋጣሚ ንኹልና ርሑስ ሓዲስ ዓመት ገሩ ናይ ሰላምን ቅድስናን ፍቕሪ ዝንሰፈኖ ሕይወት ክህበና እናተመነኹ ሰናይ ትምኒተይ እገልጸልኩም።

ዓመት ራህዋን ስኒትን ዓመት ፍቕርን ምሕረትን ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ